# ኀቦ ዘፍረሰ ዕሽል ! ! ቶጎርባ

(1964 - 2022)

ቶጎርባ ውግእ ጥራሕ ኣይነበረን !

ቶጎርባ ካብ ከም ውግእ ትዛረበሉ ንላዕሊ ፤ ሃገሩ ዝተዘምተ ይኹን መሰሉ ዝተገፈ ፤ ዝኾነ ሸነኽ ናይ መብትኻ ምሕላው ከመይነት ፍልጠት ዝቀስመሉ ተረክቦ ጌርና ክንርደኦ ቅኑዕ እመስለኒ። ተጎርባ ብዘይካ`ቲ ንፈልጦን ብዓይንና እንርእዮን ሓይሊ / ዕጥቂ ንላዕሊ ፤

- ድኹም ንሓያል፤

- ውሑድ ንብዙሕ፤ ክስዕር ዝገብር ዘይትኮብ ፤ ዘይግዛእ ካልእ ሓይሊ -ብረት - ዕጥቂ ከምዘሎ ዝመሃረት ዓውዲ ውግእ`ያ።

15/3/1964 ብመንጸር`ቲ ብ 1/9/1961 ብመርሕነት ስዉእ ሓምድ ዓወተ ብመርሕ ውድብ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ብውሑድን ዘይነኣድ ዓይነት ብረት ዝጀመረ ቃልሲ ክንርእዮ እንኮለና ፤ ብዛዕባ ኣዚዩ ውሑድ ዓመታት ኢና ንዛረብ ዘሎና፤ ኣብ ሓደ መስከረም 61 ዝተወልደ ህጻን ኣብ መፋልም 1964 ዳርጋ ሹዑ`ዩ ካብ ጡብ ኣዲኡ ተገላጊሉ ክኸውን ዝኽእል። ስለዚ ተሓኤ ኣብ 1964 ዕሽል`ያ ነይራ ክንብል ንኽእል። ኀቦ ዘፍረሰ ዕሽል ! !

ብረታዊ ቃልስና ክብገስ እንኮሎ ብዝተኸተሎ ስልትን ጥርናፈን ምስጢርነትን ኣብ ሓጺር ግዜ ንህዝቢ ኤርትራን ንመንግስቲ ኢትዮጵያን ዘመሓላለፎ ኣገዳሲ መልእኽታት ነይሩ።

ካብቲ ንኢትዮጵያ ዝተመሓላለፈ መልእኽትን ዝተረደኤቶን -

- ሰራዊት ሓርነት ዝህደን ነገር ከምዘይኮነ

- እናሻዕ ምሕሳብ ከምዘድልያ

ስለዚ ኢትዮጵያ ሓይሊ ፖሊስ በቲ ኣብ ውግእ ኮርያ ዝተሳተፈ ከም ዓቢ ኣፍሪቃዊ ሓይሊ ዝረኤ ዝነበረ ጦር ሰራዊታ ተኪኣ ንሰውራ ኤርትራ ሓንሳእን ንሓዋሩን ልምጽማጹ ንምጥፋእ ዘንቀደ ምድላዋት ገይራ`ያ ንተጎርባ መጺኣ ። ኣብ ሓደ ውግእ ኣብ ሓደ ቦታ ኣብ ሓደ ማዓልቲ ብመንጸር እቶም ሹዑ ዝተሰውኡ 19 ተጋደልቲ ኢትዮጵያ 84 ወታሃደራት`ያ ኸሲራ ።

- ኣሰር ምንቅጥቃጥ ተጎርባ ንሓብሓብቲ ኢትዮጵያ ኣብ ዘዘለውዎ ተሰመያም። ክተኣታተዉ ኸኣ መረጹ። ንኣብነት እስራኤል ናይ " ገረብ ብሓኸላ " ስልቲ ውግእ ናይ ኮማንዶስ ሓይሊ መልመለት። እዚ`ውን ኣይሰለጠን። እቲ በዓል 2 መልሓስ መርዛም ስልቲ።

እቲ ንዓና ዝተመሓላለፈን ንሓዋሩ ክንርደኦ ዘሎናን፡-

- ጩራ ናይ ዓወት ክረኣየና

- ዋናን ዘይድቅስን ተበጃውን ህዝቢ ዘለዎ ጉዳይ ሞይቱ ከም ዘይመውት

እቲ ንሓዋሩ ክንርደኦን ክንዝንጋዓሉን ዘይብልናን ኣብዚ እዋን`ዚ ካብ ካልእ እዋን ንላዕሊ ትዝ ክብለና ዘለዎ ፤ እቶም ሰብ ተጎርባ ኣያታትና ኣቦታትና ብግዜ ይጻወቱ ከም ዘይነበሩ፤ ካብ ዝዛረብዎ ዝስርሕዎ ይበዝሕ ከም ዝነበረ !

ንርኤ`ሞ !

ካብ 1961 ክሳብ 1967 6 ዓመት`ዩ ፤ ኣብ ማእከሉ እቲ ሎሚ ንመበል 58 ዓመቱ ንዝክሮ ውግእ ተጎርባ`ሎ ፤ ነቲ ውግእ ዝመርሐ ተጋ/ ኣቡ ርጀላ`ውን ኣሎ ! ኣብ ጫፉ ኸኣ እቲ ንሰራየ / ንኸበሳ ኤርትራ ተስፋን መቃልሕ ጽንዓትን ዓወትን ዘብጸሐ ዓወት ውግይ ዳንደር ኣሎ ! ነቲ ውግእ መሪሑ ዘዔወተ ዝተሰወኤ መሓመድ ብርሃን ነጋሽ`ውን ኣሎ !

ዝኽርን ክብርን ንዝቀደሙን ዝደሓሩን ስዉኣትና !

ኤርትራ ንዘልኣለም ከቢራ ትንበር

AAHafiz 15/3/2022